# ወያኔ ኣብ ሕልሚ ክሕንብስ ዝነብር ስርዓት።

ዓንዳሪ ስርዓት ህ.ወ.ሓ.ት. ከም ኣመሉ ጌና ኣብ ክውንነት ዘይ ኮነ ኣብ ሕልሚ ምንባሩ ኣብዚ ሰሙንዚ ብዝፈተኖ ወራር ኣብ ልዕሊ ልእላውነት መሬት ኤርትራ ክረጋገጽ ተኻኢሉ ኣሎ። ጭፍራ ወያኔ ጭንቀት ኣብ ዝሓድሮ እዋን ፈውሲ ኢሉ ዝሓስቦ እንተሎ ነገራት ምትኹታኽ እዩ። ነዚ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝረኤ ዘሎ ህዝባዊ ናዕቢ ማእዘኑ ንምጥምዛዝ ብሓደ ወገን፡ በቲ ካልእ ከኣ ነቲ ባልሽባብን ጉንቦት ሰባትን ካልኦት ውድባት ምንቅስቓስ ሓርነት ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሰራዊቱ ዝወረደ ህልቂት ንምሽፋን ኣቕልቦ ህዝቢ ንምጭዋይ ኢሉ ዘበገሶ ወራር እዩ ኔሩ። ወያኔ ለባም ኣእሙሮ ዘይተዓደለ ድኻ ዓሌታዊ ጉጅለ ንትማልን ሎምን ጽባሕን ከመዛዝን ብቕዓት ዘይብሉ፡ እንትርፎ ሓሶትን ተንኮል ምእላም ካልእ ዘይፈልጥ ካብ ተሞኩሮ ዘይመሃር ሕሱር ጉጅለ እዩ። ኮምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ'ዩ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንዓለታዊ ስርዓት ወያኔ ንምጥፋእ ካብ ጫፍ ንጫፍ ተቓውሞታቱ ዘርኢ ዘሎ። ጀንዳ ግን ዓይኑ በቶም ውሑዳት ተጋሩ ሰዓብቱ ዘጣቕዕሉ ጨብጨባታት ኣታሓሳስብኡ ተወሪሱ መን ከማይ ብምባል ክዕንድር እርኤ።

ወያኔ ንሰራዊቱ ከም ሂወት ዘይብሉ ባንቡላ እዩ ዝቖጽሮም። ምክንያቱ ንሱ ካብ ስድርኡ ይኹን ቤተ ሰቡ ዝኸስሮ ሂወት ስለ ዘየሎ። ኲናት ክግምር ከሎ ከምቲ ኣብ ግዜ ደርግ ንፈንጂ ድህሰሳ ኣእዱግ ዘምርሕ ዝነበረ ወያኔ ከኣ ንካልኦት ዓሌታት (ብሄራት) ኢትዮጵያ ከምኡ ብምጥቃም ግዳይ ሞትን መውጋእትን እገብሮም ኣሎ። ስለዚ ንወያኔ ውግእ ምኽፋት ማለት፡

1) ብህዝቢ ኦትዮጵያ ዘይምግደስ ማለት እዩ።

2) ንሱ ዝሓዝነሉ ወይ ዝጎድሎ ስለ ዘይብሉ ኲናት ከም ኣብ ቺነማ ትርእዮ ተዋስአ እዩ።

3) ሳልሳይ ብጣዕሚ ዱኹም ነጥቢ ኤርትራ ውግእ ጀሚራ ኢሉ ካብ ዓሰብቱ ሓገዝ ንምርካብ ዝገብሮ ፈተነ።

4) ጽውጽዋይ ዝኾነ ሕልሚ መንግስቲ ኤርትራ ምግምጣልን፡ ንዑኡን ንጎይቶቱን ዘገልግል ብዕሱባት ( ከዳዓት ኤርትራውያን )ዝምሓደር መንግስቲ ንምትካልን።

5) ካልእ ዕዉር እምንቶ ጀንዳ ኣብዚ ሕጂ እዋን እቲ ብሓሶት ምኽሳስ ሕፍር ዘይብል ኮምሽን ኦፍ እንኳይሪ (Commission of Inquire ) ዘቕረቦ ጸብጻብ ከም ዕድል ምጥቃማ እዩ። እዚ ብወርሒ ሰነ ሰንበት ዕለት 12, 2016 ዝወልዖ ናይ ኲናት ፈተነ ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓቅታት ወጻኢ ክኸውን ኣይክእልን። መንግስቲ ኤርትራ ዋላውን ኣብ ግዜ ገድሊ ንውግእ ተሃንዲዱ ኣይፈልጥን።

መንግስቲ ኤርትራ ዋላውን ኣብ ግዜ ገድሊ ንውግእ ተሃንዲዱ ኣይፈልጥን። ጸላኣቱ ንዝወልዕዎ ኲናት ንምምካት ግድነት ስለ ዝኾኖ ድኣምበር፡ ድልየት ሃልዩዎ ኣይኮነን ዝተዋግኤ። መንግስቲ ኤርትራ ሰብን ክብሩን ዝለዝፈልጥ፡ ኲናትን ውጺኢቱን ዝመዝን፡ ንድሕነት ሰራዊቱን ህዝቡን ኮምኡ'ውን ንድሕነት ሂወት ሰራዊት ጸላእቱ ክብል ካብ ዘለዎ ቅኑዕ እምነት ተበጊሱ ኩሉ ግዜ ቅድሚ ውግእ ምጅማሩ ንሰላማዊ ዘተ ዝዕድም። ኣይፋለይን ኣይሰምዕን ኢሉ ከም ኩምራ ዓፍራ እና ጋዓሪ ተሃንዲዱ ዝመጾ ከም ብንፋስ ዝበንን ትኺ ጌሩ ዝዘርጎ። ንጀንዳ ግን ኩሉ ግዜ ስዕረታ ዓወታ እዩ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ትሓመሉ ወይ ትሓዝነሉ ሂወት የብላን። መንግስቲ ኤርትራ ብዓቕሙ፡ ብብቕዓቱ ወይ ትሕዝቱኡ ተጃሂሩ ኣይፈልጥን። ንኹሉ ነገራት ብዓቕልን ኣትኩሮን ይጽበ። ኣብቲ ልክዕ ሰዓቱ ከኣ ብቁዕ መልሲ ይህብ። ከምዚ ናይ ጀንዳ ኲናት ከይተጀመረ ተዓዊተ ናይ ምባል ጠባይ የብሉን። መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ጭዋ ባህሊ ዝውንን ንኹሉ ኲነታት ከከም ግዚኡን ኣመጻጽኡን ቦታኡን ብወድዓዊ መንገዲ ይመዝንን የተግብርን። ብሕጂ ንድሕሪት'ውን ወያኔ ዓፈርፈር ምባልን ምፍሻልን ከምዘጋጥሞ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ፈታው ሃገሩን መንግስቱን ምክልኻል ሰራዊቱን ክፈልጦ ይግባእ። ሓድነትና ሕቖ ጸላእትና ይሰብር። ጽንዓትና ዓለም የስተንክር። ሓቅነትና ፍርዲ ዓመጽቲ ይስዕር። ጻዊዕትና ንሰላም ቀጻሊ እዩ። ንሕና ደቂ ሓንቲ ሃገር፡ ደቂ ሓደ ህዝቢ፡ ደቂ ሓደ ልቢ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።